ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2017 በጀት ዓመት ካብ መደበኛ በጀት ናይ ዝተፈላለዩ ሕትመትን ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑትን ጎማን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 10, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 24, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ብቢ ሎቱ ይፈላለ አዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 24, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/ /ግ-ጨ/10

ዕለት 09/04/2017 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 04/2017 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ኣብ 2017 በጀት ዓመት ካብ መደበኛ በጀት ናይ ዝተፈላለዩ ሕትመትን ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑትን ጎማን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ብምድብ/LOT/ መቐሉ ማለት እውን፡-

ምድብ-1 LOT- 1፦ ናይ ዝተፈላለዩ ሕትመታት፣

ምድብ-2/LOT-2፡- ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑትን ጎማን ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግን ግልጋሎት ክረክብን ይደሊ፡ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2016/17 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፡ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መስከረም/2017 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ዝተፈላለዩ ሕትመታት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3' ወርሒ ናይ መኪና መለዋወጢ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

5. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

6. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ምድብ-1ን ምድብ-2 /LOT-1,LOT-2 ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ንሕድ ሕድ ሰነድ ዘይምለስ ብር 100.00/ ሓደ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ እናኽፈልኩም ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቐፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 09/04/2017 ዓ/ም ክሳብ 23/04/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ንLOT-1 ብር 100,000.00/ ሓደ ሚዒቲ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ንLOT-2 ብር 5,000.00/ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ውይ ድማ ብጥረ-ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

9. እቲ ጨረታ ዕለት 24/04/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት ከ4:30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቐፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

10. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት/ሕትመት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

12. ሰዓራይ እቲ ናይ ዝተፈላለዩ ሕትመታት ብበዓል ሙያ /ኮሚቴ/ ከምኡዉን ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቐሑት ድማ ብኤንስፔክተር /መዓል ሙያ መካኒክ/ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምሰተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

13. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቐፅሪ 0914775963/0914136662 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኺኑ ንሕብር ፡

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle